ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ንናይ ወረድኡ ኣብያተ ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝዉዕል ዝተፈላለዩ ኤሌክትሮኒክስ ፣ መለዋወጢ ኣቕሑት መካይን ፣መሸጢ ኣቕሑት ስራሕቲ ማይ ፣ መሸጢ ኣቕሑት መሳርሒ ህንፃ ፣ መጎዓዝያ ደረቕ ፅዕነት : ናይ ማእኸላዎት ጎዳጉዲ ማይ ኼዕቲ፣ ብናይ ማይ ማዕድን ኢነርጂን ብስሩዕ በጀት ዝኸፈል ብናይ ማይ ስራሕቲ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ደረጃ 6ተን ልዕሊኡን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ከስርሕን ግልጋሎት ክረክብን ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ታሕሳስ 22, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 9, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ታሕታይ ኣድያቦ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 9, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ኽቢደ መሺን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይ 2010 ዓ/ም ናይ መንግስቲ ግብሪ ዝከፈለን ክምእዉን ናይ 2011 ዓ/ም በቢዘፈሮም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘሐደሰኩምን መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለኩም

2 ኣብ ዝርዝር መቕረባይነት ዝተመዝገቡን ዘሐደሱን፤

3 ብዘይካ ናይ ደረቕ ፅዕነት ኩሎም ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ እሴት ታክስ ዝኮነ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል ከምእዉን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2011ዓ/ም ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበረሉ መረዳእታ ከቕርቡ ዝክእል፤ንናይ ማይ ስራሕቲ ተወዳደርቲ ፈቃድ ዘቕርቡን ሰነዳት ብኮትራክተራት ክልተ ዋናን ቅዳሕን ብፖስታ ዓሺጉም ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሺጎም ብምዕሻግ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ከእትው ኣለኩም።

4 ተጫረቲ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ታሕታይ ኣዲያቦ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቁፅሪ 4 ክትወሰዱ ትክእሉ፤

5 ንነብሲ ወከፍ መከበሪ ጨረታ ብቢድቦንድ ወይ እዉን ብጥረ ገንዝብ ወይድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ማለት እዉን ቼክ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ክተትሕዙ እትክእሉ፤

6 እዚ ጨረታ ካብ 18/04/2011ዓ/ም ክሳብ 09/05/2011ዓ/ም ኣብ ኣየር ይፀንሕ።

7 9/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ታሕታይ ኣዲያቦ ይክፈት። ናይ ማይ ስራሕቲ በዚ ዕለት ሰዓትን ዕለትን ብቴክኒካል መለክዒ ይኽፈት።

8 ድሕሪ 3ተ ናይ ቴክኒካል ቅሬታ መዓልቲ ፋይናንሻል ውፅኢት 13/05/2011ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ፋይናንሻል ውፅኢት ናይ ማእኸላዎት ጎዳጉዲ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብዎ ይኽፈት። ተወዳደርቲ ዘይምርካቦም ንምኽፋት ጨረታ ኣይተኣጎልን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9 ጨረታ ምስተኸፈተ ተጫረቲ ኣብ ዘቕረበዎ ናይ መወዳደሪ ሓሳብ ምምሕያሽ ምግባር ንዓርሶም ምግላል ኣይፍቀድን።

10 ሰዓራይ ተጫረቲ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ድሕሪ 3ተ ናይ ቅሬታ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ውዕሊ ክኣሰሩ ኣለዎም።

11 ሰዓራይ ጨረታ ምኽኑ ምስተፈለጠ ከብ ዝሰዓሮ መጠን ገንዘብ 10% መኽበሪ ውዕሊ ከትሕዝ ኣለዎም።

12 ሰዓራይ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዚ ናብ ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ከቕርብ ዝኽእል ንናይ ማእኸላዎትን ጎዳጉዲ ዝሰዓረ ውዕሊ ኣሲሩ ክሰርሕ ኣለዎ።

13 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0345-500231/0345-500205 ደዊልኩም ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle